Tigrinja/ትግርኛ

# ንባይቶ ኤውሮጳ ናይ ፎልክፓርቲየት ፕሮግራም 20 ጉንበት – 7 ሰነ

ፎልክፓርቲየት ሊበራላዊ ሰልፊ፣ ብዛዕባ ናይ ስዊድን ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ምእታው መርገጺ ዝወሰደት ቀዳመይቲ ሰልፊ እያ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ድማ፣ ነቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ምትሕግጋዝ ብተገዳስነት ንሰርሓሉ ኣሎና። ንሕና ኣብ ኤውሮጳ ንኣምን ኢና!

## 1. እወ ንኤውሮጳ

ምትሕግጋዝ ኤውሮጳ፡ ንስዊድን ዘሀብትም፣ ንኸባቢና ዘቐስን፣ ሽግራት ስግር–ዶብ ንምፍታሕ ዕድል ዝህብ ኣገባብ እዩ። ሰላም፡ ጽቡቕ ከባቢ፡ ቅሳነት፡ ቍጠባዊ ዕብየትን፣ ብጽበለጸ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ኢና እንረኽቦ።

እዚ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ቍጠባዊ ውድቀትዚ፣ ንምሉእ ኤውሮጳ ወቒዕዎ እዩ። ብሰደድ እትነብር ከም ሃገር ሽወደን ድማ፣ እቲ ንግድን ምትሕግጋዝን ኤውሮጳ ብጽኡቕ ክሰርሕ ከሎ እዩ ዘዋጽኣ። ፎልክፓርቲየት ንኤብሮ ይቕበሎ እዩ። ንውሕስነት መግቢ ውን ዝሰፍሐ ምትሕግጋዝን ይደሊ። ከበድቲ ገበን ንምቍጽጻር ክከኣል ድማ፣ ናይ ኤውሮጳ FBI (ፈደራላዊ ቤትጽሕፈት ምርምር) ክህሉ ይደሊ።

## 2. ገበን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተሓጸረ ኣይኮነን፡ ስለዚ ናይ ኤውሮጳ FBI የደሊ።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ጨናፍር ዘለዎ ገበናት፣ ኣብ ስዊድን ይኹን ኣብ ካልኦት ሃገራት እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ሽግር እዩ። ህይወት ሰብ ምንጋድ፣ ናርኮቲካ፣ ግብረ–ሽበራ ገለ ካብቲ ብኣህጉራዊ ማፍያዊ ኣገባብ ዝፍጸም ሽግራት እዩ። ዶብካ ምርጋጥ፡ ኣማራጺ ፍታሕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ክንድኡስ፡ ናይ ኤውሮጳ ሃገራት፣ ፖሊስ፡ ፊናንሳ፡ ኣኽበርቲ ሕጊ፣ ስግር–ዶብ ብዝኾነ ብናይ ሓባር ኣገባባት ክዓዩ መገዲ ምኽፋት እዩ።

ስለዚ ዝዓበየ መዝነት ዘለዎ ናይ ኤውሮጳ ፖሊስ ከድልየና እዩ።

## 3. ዘተኣማምን መግቢ ኣብ ኤውሮጳ ክህልወና ንደሊ

ኩሎም ዜጋታት እንታይ ክበልዑ ከምዘደልዩ ባዕላቶም ክውሰኑ ሰብ መሰል እዮም። ሕጂ ግን ካብ ግራትን ደንበታትን ክሳዕ ትዓሸጉ ኣብ ዱኳን እትዕድጎ፣ ብዙሕ ሰንሰለታዊ መስርሕ ሰጊሩ እዩ ዝመጽካ።

እንታይ ንበልዕ ከም ዘሎና ክንፈልጥ፣ ትሕዝቶ መግቢ ኣብቲ መዐሸጊኡ ብዝርዝር ክምዝገብ ኣለዎ። እዚ ብዘየጠራጥር መገዲ ክትግበር ኣለዎ። ኣብቲ ባኮ መግቢ ዘሎ ንጥረ–ነገር ክምዝገብ ኣለዎ። እቲ ዝተመዝገበ ድማ ኣብቲ መግቢ ክህሉ ኣለዎ። ኣይውሰኽ ኣይንከዮ!

በዚ ምኽንያት እዚ ድማ፣ ምቍጽጻር መግቢ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ክብ ክብል ኣለዎ።

## 4. ሕራይ ንኤብሮ

ፎልክፓርቲየት ሊበራላዊ ሰልፊ፣ ክፉት ዝኾነ ናይ ንግድን ቍጠባዊ ምትሕግጋዝን ዘለዋ ዓለም ኢና ክንነብር እንደሊ። ኤብሮ ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ናይዚ ምትሕግጋዝ እዚ እዩ። ኣብዚ ናይ 2008 ቀውዒ ዘጋጠመ ሽግር፣ ኣብ ምትህድዳእ ሽርፊ ዘበርከቶ ጥቕሚ ርኢናዮ ኢና። ኣብ ክንዲ ሸቐጥ ናይ ሽርፊን ሰልዲን፣ ኣብ ምትህድዳእ ዕዳጋታት ዓለም፣ ዓቢ ኣበርክቶ ሂቡ እዩ።

እቲ ብዝያዳ ንኹሉ ተራ–ሰብ ዝጠቐመ ድማ፣ ኣብ ወለድ–ገዛ፣ ሽርፊ ከምኡ ውን መገሻታትን ቀረብን ወዘተ፣ ንዘሎ ኩነታት ኣተሃዳዲኡ እዩ። ንሰብ ኩባንያ ውን፣ ዝዓበየ ዕዳጋ ንምርካብ፡ ብዝተኣማን መገዲ ገንዘቦም ከዋፍሩ ክኽእሉ ሓጊዙ እዩ። ሓደ ናይ ሓባር ባጤራ ምህላው ማለት፣ ዕዳጋታት ንምውድዳር ዘኽእል ውን እዩ። ንምውድዳር ይኹን ዋጋታት ንምሕሳር ውን ጥቕሚ ኣለዎ።

ስለዚ ስዊድን ንኤብሮ ከም ናታ ባጤራ ክትጥቀም ክትጅምር ኣለዋ።

5. ናይ ካርቦን-ዲኦክሲድ ብከላ-ኣየር፣ ዶብ ኣይክልክሎን እዩ።

ሓደ ካብቲ እምኒ መኣዝን ናይ ጠባይ ኣየር ፖለቲካ፣ ብመዘወር ቊጠባን፡ ብሓባራዊ ምትሕግጋዝን ክፍጸም ዝከኣል። ጠባይ-ኣየር ዝብክል ዘበለ፣ ገንዘብ ከም ዘኽፍሎ ክፈልጥ ኣለዎ። ሕብረት ኤውሮጳ ንምዕባለ ቊጠባን፣ ህጹጽ ምንካይ ብከላ-ኣየርን፣ ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ምኳኑ ንምርዳእ፣ ደራኺ ሓይሊ ክኸውን ይግብኦ።

ኑክሌራዊ-ጸዓት፡ ኣየር ዘይብክል ጽሩይ ምንጪ-ጸዓት እዩ። ብዘይ ብኡ ድማ፣ ነቲ ክብጻሕ ዝድለ ዘሎ ምቊጽጻር ብከላ-ኣየር ከሸግረና እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ እምበኣር፡ ሸወደን ይኹን ሃገራት ኤውሮጳ፣ መተካእታ ነቲ ናይ ቀደም ዘኸውን ዘበናዊ ኑክሌራዊ-ጸዓት ክሃንጻ ክጅምራ የድሊ።

ፎልክፓርቲየት ብብከላ ጠባይ-ኣየር ንዝመጽእ ሓደጋ ኣዚና ንግደስ ኢና። ስለዚ ኑክሌራዊ-ጸዓት ከድልየና እዩ።